CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS

Département de la santé, des affaires sociales et de la culture
Service de l'action sociale

Departement für Gesundheit, Soziales und Kultur
Dienststelle für Sozialwesen

# መሰላትን ግቡኣትን ተጠቀምቲ ማሕበራዊ ሓገዝን ዕዳ ንኽንመልስ ዘለና ግዴታን

# DROITS ET OBLIGATIONS DE BÉNÉFICIAIRES DE L'AIDE SOCIALE ET RECONNAISSANCE DE L'OBLIGATION DE REMBOURSER

እዚ ትርጉም ንሓበሬታ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ዝኾነ ጥርጣረ ምስ ዝህልወና ብፈረንሳ ወይ ብጀርመን ዘሎ ጽሑፍ ክንውከስ ንኽእል።

Mise à jour juin 2021

## 1. መሰረታዊያን ሕግታት
## Principales bases légales

- ቅዋም ፌደራል / Constitution fédérale (RS 101)
- ገበናዊ ሕጊ ስዊዝ / Code pénal suisse (CP) du 21 décembre 1937 (RS 311.0)
- ፌደራላዊ ሕጊ ንብቕዓትን ጉዳይ ማሕበራዊ ንሓገዝ ዘድልዮም ውልቀ ሰባት / Loi fédérale sur la compétence en matière d'assistance des personnes dans le besoin (LAS) du 24 juin 1977 (RS 851.1)
- ካንቶናዊ ሕጊ ኣብ ምውህሃድን ማሕበራዊ ሓገዛት / Loi cantonale sur l'intégration et l'aide sociale (LIAS) du 10 septembre 2020 (RSV 850.1)
- ስርዓት ኣተገባብራ ንካንቶናዊ ሕጊ ኣብ ምውህሃድን ማሕበራዊ ሓገዛትን / Ordonnance cantonale sur l'intégration et l'aide sociale (OLIAS) du 21 avril 2021 (RSV 850.100)
- ሕጊ ካንቶን ኣብ ስርዓታትን ምምሕዳራዊ ሕጋጋትን / Loi cantonale sur la procédure et la juridiction administratives (LPJA), du 6 octobre 1976 (RSV 172.6)
- መምርሒታት ንክፍሊ ማሕበራዊያን ዝምልከት ጉዳይ / Directives du Département en charge des affaires sociales (www.vs.ch/web/sas)
- ምሕጽንታታት ካብ ኮንፈረንስ ስዊዝ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ምንቅስቓስ / Recommandations de la Conférence suisse des institutions d'action sociale (CSIAS) (http://skos.ch/fr/) à titre subsidiaire

## 2. መሰረታውያን መሰላት ሓታቲ/ንተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ
## Principaux droits du demandeur/ bénéficiaire d'aide sociale

### 2.1 ዝተሓተ ኣታዊ ክህልወና ዘለና መሰል ኣይጎድልን ኢዩ/ Droit au minimum vital incompressible (art. 12 Constitution fédérale 42 LIAS 49 OLIAS)

- _ዝኾነ ሰብ ኣብ ከቢድ ኩነታት ምስ ዝርከብ ዋላውን ባዕሉ ዘምጽኦ ይኹን፡ ናብርኡ ክመርሕ ምስ ዘይክእል ናይ ህጹጽ ሓገዝ ተጠቃሚ ክኸውን መሰል ኣለዎ (art. 12 Constitution fédérale et 42 LIAS)

### 2.2 ንማሕበራዊ ሓገዝ ዝቐርብ ሕቶ / Demande d'aide sociale (art. 45 LIAS, 51ss OLIAS)

- ሓታቲ ብውልቁ ወይውን ብወኪሉ ጌሩ ሕቶኡ የቕርብ። ንወኪልና ዝኸፈል ክፍሊት ካብ ውልቅና ይኸውን።
- ብጽሑፍ ወይውን ብቓል ንመንበሪ ኮምዩን (ምምሕዳር) ወይውን ናብ ማእከል ማሕበራዊ ጥዕና ሕቶኡ (centre médico-social -CMS) የቕርብ።

### 2.3 ውሳኔ ናይ ምርካብ መሰል / Droit d'obtenir une décision (art. 7 et 47 LIAS, 9 OLAS, 29 LPJA)

- ኮምዩን(ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ተመልከት) ንሓገዝ ዝምልከት ጉዳይ ውሳኔ ክህብ ምሉእ ብቕዓት ኣለዎ። ከምኡውን ንሲ ኤም ኤስ (CMS) ኣብ ክንድኡ ኮይኑ ክዓምም ክውክሎ ይኽእል። (art. 7 LIAS).
- ኩሎም ብሰበ-ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ዝውሰዱ ውሳኔታት (ንኣብነት፡ ንማሕበራዊ ሓገዝ ዝህልወና መሰል ፡ ባጀት ምምዕርራይ፡ መሰል ምስራዝ፡ ብማሕበራዊ ሓገዝ ዝተዋህበና ዕዳ ምኽፋል ወዘተ.) ዝኣመሰሉ ንተጠቃሚ ሰብ ምኽንያቱ ይሕበሮን ኩሉ ተኽእሎታትን ማለት ይግባይ ዝብለሉ ናይ ግዜ ገደብ ይንገሮን።
- ካብቲ ሕቶ ዝቐረበሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ **30** መዓልቲ ውሳኔ ይወሃብ። እዚ ከኣ ሕቶና ቅቡል ምዃኑን ዝወሃበና መጠን ባጀትን ይሕበረና።
- ባጀት እንተተዳልዩ ምስዚ ውሳኔ ተታሓሒዙ ይልኣኽ።
- እቲ ሰብ ብህጹጽ ጉዳዩ ክረኣየሉ ሕቶ እንተ ኣቕሪቡ ፡ ሰበ-ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ቅድሚ እቲ ናይ መጨረሻ ውሳኔ ምሃቡ፡ ብቕልጡፍ ኣብ ወሽጢ **5** መዓልቲ መልሲ ይህብ።

### 2.4 ናይ ይግባይ መሰል / Droit de recours (art. 49 LIAS, 57 OLIAS, 5, 34 et 41ss LPJA)

- እዚ ሓገዝ ዝሓተተ ሰብ ብሰበ-ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ውሳኔ ምስ ተዋህቦ እንተደኣ ዘይተቐቢልዎ ናብ ኣማኻሪ መንግስቲ ቫሌ ኣብዚ ኣድራሻ 1950 ስዮን (Conseil d'Etat, Palais du Gouvernement, 1950 Sion) ይግባይ ክብል ይኽእል።ነዚ ከኣ ብደብዳቤ ኣዳሊዩ ፈሪሙ ከምኡውን ነቲ ዘይተቐበሎ ነጥቢ ብንጹር ገሊጹ ዕላማ ዘይመቐበሊኡውን ኣብሪሁ

ብተወሳኺውን ቅዳሕ ናይቲ ወሳኔ ኣታሓሒዙ ይሰዶ። እዚ ሰብ ናይ ህጹጽ ሓገዝ ተጠቃሚ ክኸውን ክሓትት ይኽእል።

- ካብታ ውሳኔ ዝተዋህበሉ ግዜ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ ይግባይ ክብል ይኽእል። ኮምዩን በቲ ሕጋዊ ናይ ግዜ ገደብ ወሳኔ እንተ ዘይሂቡ (2.3 ተመልከት), ኣሉታዊ መልሲ ከም ዝሃበ ክንወስዶ ንኽእል (art. 5 LPJA) ። እምበኣር እዚ ሓታቲ « ፍትሒ ተነፊግኒ» ብምባል ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ይግባይ ክብል ይኽእል።

  ኣገልግሎት ማሕበራዊ ንጥፈታት (Le Service de l'action sociale, Avenue de la Gare 23, 1950 Sion), ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ዝተዋህበ ውሳኔታት ክጽንዕ ስልጣን ኣለዎ።

2.5 <u>መሰል ውልቃዊ ሰነድ ምውካስን ተሰማዕነት ምህላውን / Droit de consulter son dossier et d'être entendu (art. 19 et 25 LPJA, 72 OLIAS)</u>

- ብጠለብ ተጠቃሚ : ብዛዕባ ማሕበራዊ ሓገዝ ዝምልከት ውልቃዊ ሰነዱ ናይ ምውካስ መሰል ኣለዎ።.
- እዚ ሰብ ብዛዕባ ኣብ ኩሉ ንዕኡ ዝምልከት ንምውሳን ዘኽእሉ ነጥብታት ሓሳቡ ክህብ ይኽእል።
- እዚ ሰብ ንኹሉም ዝፈረመሎም ወረቓቕቲ ቅዳሕ ክወስድ መሰል ኣለዎ።

2.6 <u>መሰል ማሕበራዊ ሓገዝ ዝጅምረሉ ግዜ / Début du droit à l'aide sociale (art. 45 LIAS et 52 OLIAS)</u>

- ሓደ ሰብ ሓገዝ ክወሃቦ መሰል እንተደኣለዎ : መጽናዕቲ ናይዚ መሰል ካብታ ጠለብ ዘቕረበላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይታ ወርሒ ይጅምር (2.2 ተመልከቱ)።
- ሲ ኤም ኤስ (CMS) ብጹሑፍ ኑቶም ኣባላት ናይዚ ማእከል ዘድልዩ ስነዳት እቲ ወልቀ ሰብ ንኽቅርብ ኣመልኪቱ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሰበ ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ወሳኔ ንክህቡ ይሓቶም።
- ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ሕቶ ዘቕረበ ሰብ : ሓገዝ ንኽወሃቦ ዘለዎ መሰል ንምርኣይን ክንደይ መጠን ከም ዝግብኦ ንምጽናዕን ኣብ ውሱን ግዜ ኣድላዩ ዝኾኑ ሰነዳይት ንኸቕርብ ይሓቶ።(ንኣብነት፡ፋይናንሳያዊ ኩነታት፡ ውልቃዊ ህይወት : ጥዕናን ማሕበራዊ ሂወት ዝምልከት ክኸውን ይኽእል።
- ገለ ገለ ሰነዳት ቅድሚ 30 መዓልቲ ማለት ኣብቲ ውሳኔ ክወሃበሉ ዘሎ ግዜ ክቐርቡ ዘይከኣል እንተኾይኑ፡ ሰበ ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ በቲ ቀሪቡ ዘሎ ሰነዳት ተወኪሉ ግዝያዊ ዝኾነ ወሳኔ ይህብ።
- እዚ ሰብ በቲ ተዋሂቡ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ ምሉእ ሓበሬታ ወይውን ሰነዳት እንተ ዘይኣቕሪቡ፡ ብቑዕ ምኽንያትውን እንተ ዘይብሉ : እዚ ዘለዎ ከቢድ ኩነታት ክፍለጠሉ ኣይክእልን ኢዩ። ኮምዩንውን ንግዚኡ ነቲ ሕቶ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ክነጽግ ይኽእል። እዚ ውልቀ ሰብ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰሉ ካብቲ ሕቶ ዘቕረበሉ ግዜ ዘይኮነስ ካብቲ ምሉእ ሓበሬታን ሰነዳትን ዘቕረበሉ ግዜ ይኸውን።

2.7 <u>ሓገዝ ዝዋሃበሉ ግዜ / Versement de l'aide sociale (art. 60 OLIAS)</u>

- እዚ ሰብ ኣብተን ቀዳምት መዓልታት ናይታ ወርሒ ገንዘባዊ ሓገዝ ይወሃብ። ኩነታት ናይቲ ሰብ ተራእዩ እዚ ሓገዝ ተመቓቒሉውን ክወሃብ ይኽእል።
- በዓል ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ሓደ ሓደ ቅብሊት ብቐጥታ ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ክኸፍሎ ይኽእል። ንኣብነት ከም ክራይ ገዛ፡ ናይ ሕክምና ቅብሊት፡ ናይ ንብረት ኢንሹራንስ ክኾኑ ይኽእሉ።

## 3. ቀንዲ ግቡኣት ናይ ሓታቲ ወይ ተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ
## Principales obligations du demandeur/bénéficiaire d'aide sociale

3.1 <u>ማሕበራዊ ሓገዝ ከም ተወሳኺ ወይ መወዳእታ ምርጫ / Subsidiarité de l'aide sociale (art.30 LIAS, 2 et 40 OLIAS)</u>

- ማሕበራዊ ሓገዝ ካብ ኩሉ ዓይነት ኣታዊን ዕቑር ሃብትን ከም መወዳእታ ምርጫ ኢዩ።
- ሓደ ውልቀ ሰብ ናይ ኣታዊ ምንጪ ክረኽበሉ ዝኽእል መገድታት ክናዲ ይግባእ ( ንኣብነት፡ ደሞዝ : ናይ ሓባርን ውልቃውን ኢንሹራንስ፡ ንመግቢ ተባሂሉ ብሳልሳይ ኣካል ዝወሃብ ገንዘብ፡ ንስድራቤታት ዝወሃብ ሓገዝ፡ ውርሻ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ክኾኑ ይኽእሉ)። ከምኡውን ኩሉ ዝቐርበሉ ናይ ስራሕ ዕድላት ክቕበል ኣለዎ። ዝቐረበሉ ዕድላት እንተዘይተቀቢሉ ወይውን ዝወረሶ ገንዘብ እንተኣለዎ : ሰበ ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ውርሻ ኣብቲ ዝህቡ ባጀት ኣዋሃሂዱ ማለት ንንውሕ ዝበለ ግዜ ዝኽይድ ጌሩ ኣብ ግምት ኣእትዩ ይኽይድ። ኩሉ ግዜ እቲ ዝወስዶ ሓገዝ ዝተመጣጠነ ክኸውን ኣለዎ።
- እዚ ውልቀ ሰብ ዝውንኖ ገዛ እንተ ኣለዎ : ንብረቱ ከም ትሕጃ (ብጽሑፍ) ኣትሒዙ ዕዳ ንዋታዊ ሓገዝ ክመልስ ምዃኑ የረጋግጽ።

3.2 <u>ምሉእ ሓበሬታን ሰነዳትን ንምቕራብ ዘለዎ ግዴታ / Obligation de fournir des renseignements et informations (art. 12 LIAS, 24 et 29s RELIAS)</u>

- እዚ ሕቶ ዘቕርብ ሰብ ብንጹር ዘለዎ ከቢድ ኩነታት ክገልጽን ዘለዎ ፋይናንስያዊ ኩነታት ብዝርዝር ክሕብርን ይግባእ( ንኣብነት ዘለዎ ኣታዊ፡ ዕቑር ሃብቲ፡ ንብረት፡ ገዛ ወዘተ). ብዛዕባ ሞያኡ፡ ማሕበራዊን ወልቓዊ ሂወቱን (ብፍላይ ኩሎም ምስኡ ዝነብሩ ሰባት) ከምኡውን ኩነታት ጥዕና ምስ ምስክር ወረቐት ኣሰንዩ ክገልጽ ይግባእ።
- ኩሎም ሓበሬታታት በቲ ብቤት ጽሕፈት ዝተወሰነ ግዚያዊ ገደብ ክመሓላለፉ ይግባእ። (2.6 ተመልከት) ብዛዕባ ኩሎም ኣባላት ስድራቤት (ዋላ ቓል ኪዳን ዘይኣሰሩ ይኹኑ)፡ ንኩሎም ባዕሉ ዝኣልዮም ቖልዑ ዋላውን ኣብ ካልእ ቤት ዝነብሩ ክኮኑ ይኽእሉ።
- ተጠቃማይ ማሕበራዊ ሓገዝ ኣብ ሂወቱ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ እንተ ኣሎ ብቕልጡፍ ንቤት ጽሕፈት ክሕብር ይግደድ። ኮሙዩን ዝኾነ ጥርጠራ ምስ ዝህልዎ : ነቲ ሓገዝ ንግዚኡ ከቋርጾ ይኽእል።ኩሉ ዘድልይ ሓበሬታን ሰነዳትን ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ከቕርብ ይሕተት።.

3.3 <u>ኣብ ስራሕ ዓለም ንምምላስ ዝግበር ምትሕብባር / Collaboration à la réinsertion (art. 33 LIAS, 41OLIAS)</u>

- እዚ ተጠቃሚ ኩሉ ዝቀርበሉ ዕድላት ተጠቂሙ ካብ ሓገዝ ናጻ ዝኾነሉ መገዲታት ክናድን : ኣብ ስራሕ ዓለም ንኽምለስን ኮምዩን ጸቕጢ ክገብረሉ ይኽእል።

- ርእሱ ዝኽእሉ መንገዲታት ንምንዳይ ምስ ኩሎም ሰበ ስልጣንን ኣካላትን ክተሓባበር ይግባእ። ንኣብነት ማሕበራዊያን ኢንሹራንስ (AI, chômage, SUVA, etc.) ክምኡውን ውልቃውያን ኢንሹራንስን ክተሓባብር ኩሉ ዝቐርበሉ መደባት ክቐበልን ኣለዎ። ናብ ስራሕ ዓለም ክምለስ ዘይኽእል እንተኾይኑ ወይውን ብኽፊል ክሰርሕ ናብ ቤት ጽሕፈት ስራሕ ኣልቦነት ከም ደላይ ስራሕ (መሰል ናይ ማዓልታዊ ዝወሃብ ገንዘብ ኣይወሃቦ ) ክምዝገብ ግን ኣለዎ ። ኣማኻሪ ORP ስራሕ ንኽደሊ ክተሓጋገዞ ይኽእል።

3.4 መንበሪ ገዛ / Logement

- ነፍሲ ወከፍ ኮሙዩን ወይ በቲ ዝነብሩሉ ከባቢ ተሞርኪሶም ሓደ ዝርዝር ሰሌዳ ክራይ ገዛ ይሰርዑ። ንተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ ከኣ ይሕብርዎ። ክራይ ገዛ ናይዚ ተጠቃማይ ኣዝዩ ላዕሊ እንተኾይኑ ግና ኮምዩን ብጽሑፍ እኩል ግዜ ሂቦም ነዚ ሰብ ገዛ ክቕይር ይግድድዎ።።
- እቲ ሰብ በቲ ዝተዋህበ ገደብ ግዜ ገዛ ምቕያር እንተ ኣብዩ ወይውን ገዛ ከም ዝደለየ መረጋገጺ እንተ ዘየቕረቡ ስለዚ ኮምዩን ነቲ ካብ ዝወሰኖ ንላዕሊ ዘሎ ክፍሊት ንክይኽፍል ይነጽጎ።
- እዚ ሰብ ክራዩ ባዕሉ ዝኸፍል እንተኾይኑ ፡ ወርሓዊ ክራዩ ከም ዝኸፈለ ዘረጋግጽ ቅብሊት ናብ ቤት ጽሕፈት ክቕርብ ይግባእ።

3.5 ዝተዋህበና ሓገዝ ምምላስ / Remboursement de l'aide sociale (art. 52 à 58 LIAS,61 à 68 OLIAS)

- ሓደ ሰብ ተጠቃሚ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ እንተ ነይሩ ፡ እዚ ሰብ 18 ዕድመ ምስ ገበረ ፡ ኣታዊኡ እኹል እንተኮይኑ ነቲ ዝወሰዶ ገንዘብ ብዘይ ወለድ ክመልሶ ይግደድ። ብዘይ ቅንዕና ዝተወስደ ገንዘብ ግን ኣብ ዝኾነ ግዜ ምስ ወለድ ክመልሶ ይግደድ።
- ካብታ ናይ መወዳእታ ዕለት ዝወሰድናዮ ሓገዝ ክሳብ 10 ዓመት ነዚ ንዋታዊ ሓገዝ ክንመልሶ ንግደድ። እዚ ተጠቃማይ ናይዚ ሓገዝ ብርክት ዝበለ ኣታዊ እንተረኺቡ ግን ክሳብ 20 ዓመት ክመልሶ ይሕተት።
- ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝን እቲ ተጠቃማይን ብኽመይ እዚ ዕዳ ከም ዝምለስ ኣብ ስምምዕ እንተ ዘይበጺሖም ፡ ሰበ ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ተጠቃሚ ናብ ኣማኻሪ መንግስቲ ቫሌ (Conseil d'Etat) ተቓውሞኡ ክቕርብ ወግዓዊ ወሳኔ ይህብ። (2.4 ተመልከት).
- እዚ ሰነድ ብትሕቲ ዕድመ ወይውን ዓቕሚ ኣዳም ቅድሚ ምብጽሑ ዝተኽፍተ እንተኾይኑ፡ ዋላ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ሰሪሑ ወይውን ኣታዊ ይርከብ ነቲ ዝተዋህቦ ሓገዝ ክመልስ ኣይሕተትን ኢዩ። ሓደ መንእሰይ 25 ዝዕድሜኡ ወይውን ትሕቲኡ ዝኾነ፡ ክሳብ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝውድእ ዕዳ ክመልስ ኣይግደድን ኢዩ። ምክንያቱ እዚ ዝተዋህበ ሓገዝ ከም ዕዳ ክኸውን የብሉን። በኣጋጣሚ ብርክት ዝበለ ኣታዊ እንተረኺቡ፡ ወለዱ ዝወሰድዎ ሓገዝ፡ ብጸይቱ ወይ ብጸያ ናይዚ ሓገዝ ተጠቀምቲ እንተነይሮም፡ ውላድ እንተኔሮም ወይ ኔሮማ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ወይ ዝተፋትሑ ውለዲ ፡ ሓደ ካብቶም ወለዲ ደቂ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ ሓገዝ እንተኔሮም፡ ነቲ ሓገዝ ክመልስዎ ኣይሕተቱን ኢዮም።
- ብሳልሳይ ኣካል ወይውን ብሓባራዊ ወይ ወልቃዊ ኢንሹራንስ ክወሃብ ዝግብኦ፡ እዚ ሓገዝ ኣቀዲሙ እንተተዋሂቡ እቲ ተጠቃማይ ነቲ ዝወሃቦ ገንዘብ ብቐጥታ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ክኣቱ ክፍርም ኣለዎ። ካብታ መጀመርያ ሓገዝ ዝተወህበና ግዜ ጀሚሩ ኩሉ ክንመልሶ ንግደድ። ነቲ ስምምዕ እንተፈሪምና ከኣ እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ናብቲ ዝምልከቶ ኣካል ይልኣኽ። ወላ እዚ ስምምዕ ተፈሪሙ ከሎ እዚ ዝኣቱ ገንዘብ ካብ ኢንሹራስ ወይውን ካብ ሳልሳይ ኣካል ብቐጥታ ናብቲ ተጠቃሚ እንተደኣ በጺሑ ፡ እዚ ሰብ ብዝቀልጠፈ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ (d'aide sociale) ሓቢሩ ዕዳኡ ክመልስ ይግባእ።

## 4. ብዘይቅንዕና ዝውሰድ ማሕበራዊ ሓገዝ
## Soupçons d'obtention illicite de prestations d'aide sociale (art. 65 et 69 LIAS, 73 à 75 OLIAS)

- ሓደ ሰብ ቅንዕና ዘይብሉ መንገዲ ሓገዝ እንተሓቲቱ፡ ይሓትት እንተኣሎ ወይውን ክሓትት ይፍትን እንተኣሎ፡ እዞም ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ነዚ ጉዳይ ተጻሪ ፍልይቲ መርማሪት ኣካል ይገብሩሉ።
- እቲ ተጠቓሚን ኣባላት ናይዛ ስድራን ንኩሎም ማሕበራዊያን ተሓጋገዝትን ንፍሉይ መጽናዕቲ ዝተመዘዙ መርመርትን ፡ ኣብ መንበሪ ገዝኦም ፡ ኣብ መኪናኦም ክምኡውን ኣብ ስራሕ ቦታን ብኣካል ኣብ ዘለዉሉን ኣብ ዝጥዕም ሰዓታትን መርመራታት ንክካይዱ ክፈቕዱሎም ይግባእ።
- እቲ ተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ሓቂ ዘንጸባርቁ ኩሎም ዝተሓተቶም ኣገደስቲ ሓበሬታታት ክቕርብ ይግባእ። እዚ ግዴታ ከኣ ንኹሎም ኣባላት ስድራቤትን ቐረብትን ይምልከት፡ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ስዊዝ (art. 110 al. 1 et 2 du Code pénal suisse) ሰፊሩ ይርከብ።
- ገበን ከም ዝተገበረ እንተተረጋጊጹ፡ እዚ ኣካል ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ዝምልከቶ ሰብ ውጺኢት ናይዚ ዝተኻየደ መርመራ ይሕብሮ።
- ካልኦት ዓይነት ገበናት ብካልኦት ሰበ ስልጣን ክሲ እንተ ቐሪቡ፡ እዚ መርመራታት ከካይድ ዝተሰምየ ኣካል ናብ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን (Ministère public) የመሓላልፎ። ንካልእ ዓይነት ገበናት ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ብመሰረት ሕጊ ስዊዝ ባዕሉ መቕጻዕቲ ይብይን። ቀጺሉ ከኣ ንኣገልግሎት ማሕበራዊ ምንቅስቃስ ከኣ ይሕብር።

## 5. ግዴታና እንተጥሒስና ዝግበር ምጉዳል ገንዘብ
## Aide réduite en cas de violation d'une obligation

5.1 ምምሕዳራዊ ስጉምቲ / Sanctions administratives (art.37 à 43 LIAS 47 à 50 OLIAS)

- እዚ ሰብ ኩሎም ኣገድስቲ ዝኾኑ ሰነዳት ማለት ተሸጊሩ ከም ዘሎ ዝሕብሩ ፡ እንተደኣ ዘይኣቕሪቡ ሰበ ስልጣን ማሕበራዊ ሓገዝ ነቲ ዝወሃብ ንግዚኡ ጠጠው ክብሎ ይኽእል።
- እዚ ተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ ሓደ ካብ ሕጋዊ ግቡኣት እንተዘይኣኽቢሩ፡መቕጻዕቲ ክውሰነሉ ይኽእል።
- መቕጻዕቲ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ወይውን ብውክልና ሲኤምኤስ (CMS) ይወሃብ። ምኽንያት ተገሊጹ ነቲ ተጠቃሚ ከኣ ብጽሑፍ ይሕበሮ። እቲ ዝተበየነ መቕጻዕቲ ፡ ንክንደይ ግዜ ወይ ኣዋርሕ ምኺኑን ዕላምኡ ክምኡውን ካብዚ ሰብ እንታይ ከምዝጽበዩ ይገልጹ። እዚ ወሳኔ እንተ ዘይተቐቢልናዮ ተቃውምና ናብ ቤት ጽሕፈት ኣማኻሪ መንግስቲ (Conseil d'Etat) ከነቕርቦ ንኽእል (2.4 ተመልከት)።

- ሰለስተ ዓይነት መቕጻዕቲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም:
  1) ካብቲ ዝወሃበ ዝተመጣጥነ ምጉዳል ገንዘብ ክግበር ይከኣል
     - ከባቢ 5 à 30 % ካብቲ ዝወሃበና ገንዘብ ምጉዳል ;
     - እቲ ልሙድ ሓገዝ ኣጊዱ ሀጹጽ ሓገዝ ጥራይ ምሃብ፡ እዚ ማለት ከኣ እቲ ወርሓዊ ዝዋሃብ ገንዘብ እዚ ዝስዕቡ ይኸውን ንእኹል ሰብ 500.- ፍራንክ፡ 300.- ፍራንክ ንትሕቲ ዕድመ፡ 220.- ንትሕቲ 12 ዓመት ዝዕሚኦም ኢዩ።
     - ልሙድ ሓገዝ ኣጊዱ ህጹጽ ሓገዝ ጥራይ ምሃብ፡ ንሱ ኸኣ መዓልታዊ 10.- ፍራንክ ንእኩል ሰብ ፡ 6.- ንትሕቲ ዕድመ ይወሃብ።
  2) ሓሳባዊ ዝኾነ ኣታዊ ወይ ሃብቲ ኣብ ግምት ምእታው
  3) ብተደጋጋሚ ነቲ መሰል ማሕበራዊ ሓገዝ ዘይግቡእ እንተተጠቂሙ፡ እዚ ሓገዝ ብጠቕላላ ይስረዝ።

5.2 <u>ገበናዊ መቕጻዕቲ  / Sanctions pénales (70 LIAS, 76 OLIAS et 66*a*, 146 et 148a CP)</u>

- ብዘይ ቅኑዕ ምኽንያት ሓገዝ ክወስድ እንተጸኒሕና ፡ ብሕጊ ካንቶን መሰረት ክሳብ 10'000.- ፍራንክ ወይውን ካብኡ ንላዕሊ መቕጻዕቲ ክብየነልና ይኽእል። ብፈደራላዊ ሕጊ መሰረት ካብዚ ዝብርትዕ መቕጻዕቲ እንተ ዘይወሲኑ እቲ መቕጻዕቲ ከምቲ ዝተጠቕሰ ይኸውን።
- ብፈደራላዊ ሕጊ መሰረት ፡ ሓደ ሰብ ብዘይ ሕጋዊ ሓገዝ ክወስድ እንተደኣ ጸኒሑ ፡ ክሳብ ሓደ ዓመት ወይውን ካብኡ ንላዕሊ ክእሰር ወይውን ክቕጻዕ ይኽእል። እዚ ሰብ እንተ ኣጠፋፊኡውን ክሳብ 5 ዓመት ማእሰርቲ ወይውን ካብኡ ንላዕሊ ወይውን መቕጻዕቲ ክብየነሉ ይከኣል።
- እዚ ተጠቃሚ ሰብ ወጻእተኛ እተኾይኑ ከምኡውን ብምጥፍፋእ እንተ ተኸሲሱ ወይውን ብዘይሕጋዊ ማሕበራዊ ሓገዝ ይወስድ እንተነይሩ፡ ቤት ፍርዲ(ዳኛ) ካብ 5 ክሳብ 15 ዓመት ካብ ስዊዝ ንኽስጎግ ይብየነሉ።

**ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ሕቶ ከም ዘቕረብኩ በዚ ኣብ ታሕቲ ዝስዕብ ፌርማይ የረጋግጽ። ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቂሶም ዘሎዉ ሕግታትትን ከምኡውን መሰረታዊያን መሰላትን ግቡኣትን ተጠቃሚ ፡ ማሕበራዊ ሓገዝ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ምዃኑን፡ እዚ ዝወሃብ ሓገዝ ክመልሶ ምዃነይ ፈሊጠ ከም ዘለኹ የረጋግጽ። (3.5 ተመልከት).**

**…………………………………………………………………………………………………………………….**

*(Noms, prénoms et signatures)*

**ሓታቲ / Titulaire du dossier :** ……………………………………………………………………

**በዓል/ቲ ቤት / Conjoint/concubin :** ……………………………………………………………………

**ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ቆልዑት/ Enfants majeurs :** ........................................................................................

**ቦታን ዕለትን / Lieu et date :** ……………………………………………………………………